## ብምኽንያት 8 መጋቢት ዓለም-ለኻዊት መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ፡

## ብደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

## ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ፡

8 መጋቢት ክብርቲ ዓለም-ለኻዊት መዓልቲ ደቂ-ኣነስትዮ እያ። እዛ ዕለት እዚኣ ሽቃሎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መድረኽ ኢንዱስትርላያዊ ምዕባለ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዝበጸሐን ዝነበረ ፖለቲካዊ ጭቆናን፡ ቁጠባዊ ምዝመዛን፡ ማሕበራውን ፖለቲካውን ህይወተን ተናጊዑ፡ ንደርባዊ ሓርነተንን ጾታዊ ማዕርነተንን ክብላ ናይ ዝገበረኦ ተጋድሎን ዘረጋገጸኦ ዓወትን ወጽኢት ጽዕቅቲ መግለጺት እያ። እዛ ታሪኻዊት ዕለት እዚኣ ብዓለም-ለኽ ደረጃ ክትብዕል ምኽንያት ካብ ዝኾነ ሓደ ተርእዮ፡ እቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ኒዩ-ዮርክ ኣብ ሓደ ፋብሪካ ዓለባ ዝሰርሓ ዝነበራ ሽቃሎ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝወርደን ዝነበረ ሕሱም ጭቆና ብ1908 ኣብ ጐደናታት ኒዩ-ዮርክ ወጺኦን ብትብዓትን ቆራጽነትን ዝገበረኦ ሰላማዊ ሰልፍን፡ ዝኸፈለኦ መስዋእትነትን ዘዘኻኽር እዩ። ነዛ ታሪኻዊት ዕለት'ዚኣ ካኣ እዩ ብ1910 ኣብ ኮፐን-ሃገን ዝተኻየደ ዓለም-ለኻዊ መጋባእያ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝተወሰነ መሰረት ዓመት ዓመት ብድምቀት እናተዘከረት ክትብዕል ትኸውን ዘላ።

በዚ መሰረት ካኣ እዩ ሎሚ እዛ ታሪኻዊት ዕለት'ዚኣ ብዓለም-ለኽ ደረጃ ንመበል 106 ግዜ ኣብ ትኸብረሉ ዘላ እዋን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝኾነ ክፍሊ-ዓለም ይሃልዋ ንመሰለንን ማዕርነተንን ዝገብርኦ ተጋድሎ ከከም ወድዓውን ባዕላውን ኩነታት ነናይ ሃገራተን ዘፍቅዶ ብስቱር ይኹን ብቐሉዕ ብሰላማዊ ይኹን ብዓመጽ ምስ ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰበን ኮይነን ዘካይደኦ ቃልስታት ሕሉፍ ጉዕዘኣን ገምጊመን ብሩህ መጻኢ ቃልሰን ከዐውታ መዓንጠኣን ሽጥ ኣቢለን ዕላማታተን ኣብ መዕርፍኡ ከብጻሓ መብጽዓ ዝኣትዋላ ክብርቲ መዓልቲ እያ።

ኣብዚ ብዓለም-ለኽ ደረጃ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዝግበሩ ተጋድሎታት'ዚ ኻኣ እዩ ተራ ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ሰላማዊ ይኹን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝገበርኦ ተጋድሎን ሕጂ ዝቕጽል ዘሎ ጸረ ዘቤታዊ መግዛእታዊ ደሞክራስያዊ ተጋድሎን ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ዓለም ፍሉይ ምዕራፍ ዘትሕዞ እዩ። ስለ ዝኾነ ካኣ'ዩ ቃልሲ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣካልን ኣምሳልን ቃልስታት ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዓለም ብምኻኑ እዛ ታሪኻዊት መዓልቲ'ዚኣ ንደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራን ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ፍሉይ ስፍራ እትሕዝ ናይ ቃልስን ጽንዓትን ታሪኻዊት መዓልቲ ኮይና እነብዕላ ዘለና።

## ውጹዓት ታቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ፈርቂ ኣካል ሕብረተ-ሰብና ዝኾነት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ተወጺዓ ኣብ እትነብረሉ ሕብረተ-ሰብ፡ ካለኦት ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ሓራ ኮይኖም ክነብሩ ኣይካኣልን'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣይሕሰብን'ውን'ዩ። ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍ ግን ኣብ ዘካይዶም በዓላት ደቀ-ኣንስትዮ ይኹኑ ዘዋድዶም ፌስቲቫላት ፍትሓዊ ሕቶ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ሓራ ከምዝወጻ እናገለጸ፡ ብማሕበረን ተወዲበን መሰለን

የረጋግጻ ከም ዘለዋ ገይሩ ዘቕርቦ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ዳኣምበር ንቁም ነገር ከም ዘይኮነ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቅታት ንዕኡ ዘረጋግጽ ከምዘይኮነ እቲ ንሕብረተ-ሰብና ዘሳቕዮ ዘሎ ናይ ሕሰመ-መከራ ህይወት ንባዕሉ እኹል ኣብነት እዩ ንብል።

ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ዝተናወሐ ብረታዊ ተጋድሎና ምስቲ ኩሉ ዘጋጥመን ባህርያውን ተፈጥራውን ጸገማት ተጻዊረን ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሰሊፈን ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ፖለቲካዊ፡ ቁተባዊ ወታሃራደዊ፡ ጸጥታዊ፡ ማሕበራዊ፡ ዜናውን ዲፕሎማስያውን ልሉይ ግደ ዝነበረን ዋዕሮታት ኣብ ከተማታት ይኹን በረኻታት ኤርትራ ብዙሕ መስተንክራዊ ቅያታት እናሰርሓ ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈላን ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ኣብ ምርግጋጽ ተቓሊሰን እየን። እዚ ከቢድ መስዋእቲ ዝተኸፈሎ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ'ዚ ውጽኢቱ ብጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ተጨውዩ፡ እቲ ኩሉ ቅያን ጅግንነትን ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ምስ ጀጋኑ ኣሕዋተን ኮይነን ዘረጋገጸኦ ዓወት ኣብ ትሕቲ'ዚ ምልካዊ ስርዓት'ዚ ምስ ወደቐ ብዝኽተሎም መዕነዊ ፖሊስታቱን ድሑር ባህልታትን ብድርብ ወጽዓታት ክሳቐያ ይርከባ ኣለዋ። ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ምስቲ ኩሉ ንልዑል ግደን ተሳትፎኦንን ዝቕይድ ድሑር መስፍነ-ርእሰማላዊ ባህልን ስርዓት ህግደፍ ዘተኣታትዎም ጥዑይ ስነ-ምግባር ዘይብሉ ምስ ባህልን ልምድን ናይ ሕብረተ-ሰብና ዘይሳነ ወጽዓታት ግዳይ ኮይና ትርከብ። በዚ ካኣ ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ፎቕዶ ወታሃደራዊ መዓስከራት ናይ መኮነናቱ ከደምቲ ኮይነን ክብራ-ንጽህነኣን ክድፈራን መርወዩ ጾታዊ ስምዒታቶም ኮይነን ኣብ ዘይተደላዩ ጥንስን ሕርስን ተላገብቲ ሕማማትን ወዲቐን ዝተሳቐያን መጻኢ ዕድለን ክጽልምት ዝኾናን ውሑዳት ኣይኮናን።

ኣዴታት ኤርትራ ደቀን ሓብሒበን ከም ዘየዕበያን ዘየምሃራን ከምዘይኮስኮሳን መጻኢ ተረከብቲ ሕድሪ ሃገር ክኾኑ ከምዘይገበራን፡ ንመስዋእቲ ከምዘየበጀዋን ነቲ ሰውራ ከምዘይዓንገላን ኣብ ርሑቕ ሃገራት ተሰዲደን ስሚንቶ እንዳማተን እናፋሕፋሓ ዝረኸበኦ ጨርቅን ወርቅን ገንዘብን ከይተረፈ ንቓልሲ ከም ዘየበርካታን መስዋእቲ ከም ዘይከፈላን ኮይነን፡ ፍረ ውጽኢት ጻማ ርሃጸን ክረኽባ ኣይክኣላን ጥራሕ ዘይኮነስ ሕጂ'ውን ኣብ ትሕቲ ምሕረቱ ወዲቐን መጋበርያታቱ ክገብረን ዘይፈንቀሎ እምንን ዘይፈሓሶ ውዲትን የሎን። ካብዚ ሓሊፉ ነተን ብዕድመ ዝደፍኣ ኣዴታት ምስ ውሑዳት ብውልቃዊ ጥቕምታተን ዝተዓስባ መዳመቕቲ ዳንኬራታቱ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ምሰአን ክውድባ ተጽዕኖታት እንዳፈጠረ፡ ኣብታ ንማሕበረ-ቁጠባውን ስለያውን መርበባቱ ከተገልግል ዝተጽፍዩት መጋበርይኡ ዝኾነት "ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ" ክጥርንፈን ላዕን ታሕትን ክብል ጸኒሑን ኣሎን እዩ።

በዚ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ክፍጸም ዝጸንሐን ዘሎን ግፍዕን በደልን መዳርግቲ ስለ ዘይብሉ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ እቲ እንኮ ካብዚ ጭቆና'ዚ ግዝያዊ መገላገሊ ኢለን ዝርእየኦ ምስቲ ኣብ ስደት ዘጋጥም ዘሎ ናይ ሞትን ህይወትን ሓደጋታት ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሕዋተን ንስደት ኣማዕዲኻ ምርኣይን ምውሓዝን ከርተት እናበልካ ሕሱም ናብራ ምሕላፍን እዩ።

## ጀጋኑ ተቓለስቲ ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ!

ሎሚ ንመበል 106 ዓመት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ከነብዕል እንከለና ኣብ ኣእምሮ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኣእምሮ ነፍስ-ወከፍ ውጹዕ ክፍሊ ሕብረተ-ሰብናን ተቓለስቲ ደቁን ዝመጽእ ሓሳብ ህዝብና ንሓደ ምሉእ ክፍሊ-ዘመን ምእንቲ ማሕበራዊ ፍትሕን ማዕርነትን ሰላምን ቁጠባዊ ምዕባለን ዝገበሮ ተጋድሎን፡ ዝኸፈሎ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን ፍረ ውጽኢት ቃልሱ ከስተማቕር ዘይምኽኣሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ተቕሪኑ ህዝብን ሃገርን ንብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሑም ሃገር መዋጽኦ ስኢና ኣብ ቀራና መንገዲ ተንጠልጥላ ምህላዋ ብምረት ከስተንትን ዝገብሮ እዩ። እዚ ሓደ ርእሱ ዝኸአላ ግንዛበ ኮይኑ ካብዚ ሕሉፍ ተሞክሮ'ዚ ሕጂ'ውን ብድርብ ወጽዓ ዝሳቐያ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ

ይኹና መላእ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብና ክቕስሞ ዝግባእ ትምህርቲ እንታይ'ዩ ኢልካ ምርኣይ ኣገዳሲ ይመስለና። ፍትሓዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ህዝብና ንሕቶ ደቂ-ኣንስትዮ ይኹን ናይ መላእ ውጹዕ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና መሊኡ ክፈትሕ ዘየኽኣሎ ኣብ ሕሉፍ ሃገራዊ ሓርነታዊ ተጋድልኡ ንህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውርኡ ብብቕዓት ክመርሕ ዘኽእሎ መሪሕ ደሞክራስያዊ ውዳበ ከውሕስ ዘይምኽኣሉ ምኂኑ ኣስሚሩሉ ክሓልፍ የድሊ።

ህዝብታት ኤርትራ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውረኦም እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ደሞክራስያዊ ዓቕታት'ዚ ከረጋግጽ ዘይምኽኣሉ ኣብ ሞንጎ ተቓለስቲ ፖለቲካዊ ሓይልታቱ ኣብ ምሉእ መስርሕ ናይቲ ቃልሲ ኣብ ሕቶ ሓድነት ይኹን ኣብ ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ኣብ ምርግጋጽ ከይበቕዐ ብትምክሕትን ጽበትን ድሕረትን እናተሓመሰ ስለ ዝመጸ ኣብዚ ሕጂ ሃገር በጺሓቶ ዘላ ሓደጋ ክትወድቕ ባህርያዊ ነይሩ። ስለዚ ተቓለስቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ይኹና መላእ ውጹዕ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ካብቲ ንቓልስና ሓሊኹ ካብ ዘውደቕ ናይ ድሕረት ኣሰራርሓታት ተገላጊልና ናብ ምሉእ ህዝባዊ ደሞክርስያዊ ዓወት ክንምርሽ ሽኻልና እዚ ዕላማታት'ዚ ጌርና ምስ እንቃለስን ህዝብን ሃገርን ካብ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን ኣብ ክሊ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኤ.ሃ.ባ.ደ.ለ. ጸገማቱ ፈቲሕና ብሓባር ክንረባረብ ምስ እንበቅዕ'ዩ ዓወትና ኣብ ምቅልጣፍ ኣገዳሲ ተራና እንጻወት ዝኸውን።

ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ እዚ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት'ዚ ማእከለን ገይረን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውዳበታት ብምጥንኻር ክቃልሳ ምስ ዝበቕዓ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንእዋናውያን ተባራዕቲ ሕቶታት ናይ ህዝብና ዝኾኑ ሕቶ ሰላምን ደሞክራስን ንምምላስ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥር ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ኩሉ ዓቕምታተን ጠርኒፈን ኣብ ክሊ'ዚ ዕላማታት'ዚ ብደረጃ ማሕበር ተወዲበን ምስቲ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኤሃባደለ ኢድ-ንኢድ ተታሓሒዘን ክቃለሳ ምስ ዝበቕዓ ኣብ ምቅልጣፍ ቃልስና ልዑል ተረአን ክጻወታ ይኽእላ እየን ኢልና ንኣምን።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋትን ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ምሕያልን ፍትሓዊ ሕቶኣን ክረጋገጽ ኣብ ምግባርን ሎሚ'ውን ከም ትማሊኡ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክረባረብ ምኂኑ በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ'ዚ ቃል ይኣቱ።

8 መጋቢት ዓለም-ለዓኻዊት መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ንዘላኣለም ደሚቕ ትንበር!

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!

ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

/ደ.ግ,ሓ,ኤ/

8 መጋቢት 2017